# ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ፡ ብሚጼን ጋዜጣትሚኺ

===========///////===========//////=========

**ዕለት፡ 1-09-2019 ዓ.ምፈ**

ሰላም ከመይ ትኾኑ ኣንበብቲ ወይ ድማ ተኸታተልቲ ሚርበብ ሓበሬታ ቶጎሩባ፧ ኣማን ክትብሉኒ በዓል ልዑል ተስፋ ኢየ። ንሎሚኸዓ፡ ኣብ ሜህደራት ትማሊ ክገናጽል-ክገናጽል ከለኹ ኣብ ጋዜጣ ሰንደቅ ቅድሚ 70 ዓመት ኣቢሉ ዝተጻሕፈ ሃሰውክብል ቢለ፡ ወዝቢናይቶም ብዛዕብኦም ክፈልጥ ዝህንጠየሎም ሰባት ሓደ ዝኾኑ ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ ረኺብኩ።

እታ ጋዜጣ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ትሕተም እኳ ተነበረት ከምኣድላይነቱ ብቋንቋ ትግርኛ እውን ገለ-ገለ ጽሑፋትን ግጥምታትን ከም ትሕውስ ዚነበረት ክግንዘብ ብቐሊሊ ከኣልኹ። ብዛዕባ ኣባ ያዕቆብ ግን ብቋንቋ ኣምሓርኛ ኢዩ ተጽሒፉ ዚነበረ። ስለዚ ናብ ትግርኛ ክሜልሶ ወይ ክትርጉሞፈቲነ ኣለኹኢየ። በሉ ንቀደምበሉ!!

“ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ-ኣብ ማላእ ኤርትራ ኤጺስ ቆጶስ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዚነበሩ፡ ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ማርያም ካሣ፡ ብጽኑዕ ብምሕማምም ኣብ መንበረ ጴጥሮስ ኮይኖም፡ ኣብ ማላእ ዓለምንዝርከቡ ካቶሊካውያን-‘ጥቀ’ ክቡር ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ ሓዋርያዊ ኣመሓዳሪ ቢሎምሸሞት ሃብዎም፡

እቲ ሽመት ኣብ ምስራቃዊት ቅድስቲ ማኅበር ካብ ትርከብ ኣብ 19 ጥቅምቲ 1941 ዓ.ም. ክመሓላለፍ ከሎ፡ ምሥናይ ናይ ማትእ ሥልጣንን ማሳልን ዚብል ኢዩ ነይሩ።

‘ጥቃ’ ክቡር ኣባ ያዕቆብ ገብረኢየሱስ-ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ-ሔቦ ትበሃል ዓዲ ተወሊዶም፡ መጀመርታ ትምህርቶም ድማ መጀመርታ ኣብ ኣኽሩር ኣብ ኣከለጉዛይ ትርከብ ዓዲ፣ ብድሕሪኡ ኣብ ከረን ድማ ዘርአ-ክህነት ትምህርቶም ፈጺሞም፤ ንዕዮ ክህነት ተሚረጹ። ኣብ 1941 ዓ.ም፡ ኣባ ያዕቆብ ወድ 61 ዓመት ረጊጾምነበሩ። ንማዕርግ ክህነት ኣብ 1906 ዓ.ም. ካብ ዚበቕዑ ንደሓር ብቕዓቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሒ ክህነት ኣማስኪሮም ኢዮም፡

‘ጥቃ’ ክቡር ኣባ ያዕቆብ፡ ማዕረግ ክህነት ካብ ዚበቕዑ፡ ፈለማኣብ ዚተፈላለዩ ክፋላት ኣውራጃ ኣከለጉዛይ፣ ብድሕሪኡ እውን ኣብ ከተማ ኣሥመራ፡ ነቲ ዚተውሃቦም ማዕረግ ክህነት፡ ብንኡድ ኣገባብ ብምፍጻም፡ ካብ ልዕሊኦም ዚነበሩ ሓለቃታት ምሥጋና እናተውሃቦምየገልግሉ ነበሩ።

ኣባ ያዕቆብ ግላዊ ዕድሎም ብዚወጠነሎም ማሰረት፡ ንዕዮ ክህነት **“ብትግሃት፣ ብዕቱብነትን ብፍጥነትን”** ኢዮም ዝዓምዎ ዚነበሩ፤ ማዕረግ ክህነት ድሕሪ ምቕባሎም ክሳዕ 1941 ዓ.ም፡ ነቲ ዝተዘርበ ብሚትያ ንምድጋፍ ዚአኽል-እቲ ዚሃብዎ ጥቕሚ፤ 2 መንፈሳዊ መፅሓፍቲ፡ 3 ንመምሃሪ ዚኾኑ ሓንቲ ብቋንቋ ኣምሓርኛ (አማርኛ)፡ 2

ብቋንቋ ትርግኛ፣ ሓደ ታሪኽን ምኻሌታቱን ትሕዝቶ ዘለዎ መጽሓፍቲ፡ ብሰናይ ባዕላዊ ተበግሶ ኣዳልዮም፤ ኣሕቲሞምኢዮም።

ኣብ ልዕሊ እዚ 10 ዝኾኑ ዚተፈላለዩ መፅሓፍቲ ክሕትሙዓሊሞምጽሒፎምኣዳልዮምኣለዉ ኢዮም።

**"ትጉህ ዘኢይነ ወም"** ዝዕላመዶም ክቡር ካህን ኣባ ያዕቆብ፡ ንሓያሎ ጊዜያት፡ ድሌት ሕይወቶም ክትኽታተል ዚፀንሐት-'ስልጣን መንበረ ጴጥሮስ'፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተሜሪሓ፡ ንክእለቶምኣብ ግምት ኣእትያ፥ ማሉእ ዚኾነ ስልጣንን ማሳልን ዘለዎ ኣብ ማላእ ኢትዮጵያ ኣብ ዘለዋ ካቶሊካውያን ኣብያተ-ክርስትያን፡ ኣብ ኹሉ ቤተ-ክህነ ት ዘሥርዓት ኢትዮጵያ፡ ሓዋርያዊ ኣመሓዳሪ ቢላ ሽሙት ሂባቶምኣላ። "

በሉ ክቡራት ኣንበብቲ፡ እታ ዝሕፍቲ ነ ዚኣ ትማስል።ተዘይተጋግየ ነ ዚ ዘዳለዉእቶም ኣዚዮምዉሩይ ጸሓፍን ገጣምን ኣቶ ገብረሚካኤል ግርሙዘበራቂቶ ኢዮምዚብል ግምተይ ልዑል ኢዩ፤ ምኽኒያቱ ንሶም ኣብዛ ጋዜጣ እዉን ይሰርሑን ይሳተፉን ነ ይሮም ኢዮም፡ ብተወሳኺ ናይዞም ዓበይቲ መሁራትን ሊቃውንትን ታሪኽ ተገዲሶም የጽንዑን ይጽሕፉን ምስ ምንባሮምካልእ እምነቶይ ኢዩ።ሳልሳይ እቲ ቅዲ ኣጸሓሕፍኦምይማሳሰል ኢዩ።

ክቡር ኣዝማች ገብረሚካኤል ግርሙዚጸሓፍዎ ጽሑፋት፡ ብፍላይ ኣብ ዘመን ወትሃደራዊ ምምሕድዳር ኢንግሊዝ ዝጽሕፍዎን ዝገጥምዎን ዚነበሩ ዳርጋ ንመብዛሕትኡ ቅድሚሎሚ ኣንቢበዮ ምንባረይ ኣብ ግምት ኣእትየ፡ ናቶም ብርዒ ዝሓንጠጦ ምዃኑ እምቶይ ወሰን የ ብሉን ኢዩ።

ንዝኽሪ ክብርቲ እናቴ ኣበባ ኣጽብሃ ዘ-ዳኒኤል ኮምባኒ፣ ንኩቡር ፍራቴሎኣፈወርቂ ዘ-ካምባኒ ይኹን ለይ ክብል እፈቱ።